ሓካይም ዓለም ሓደ ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ካብ ዝርከቡ ኣብ ሕክምና ዝነጥፍ ዘይመንግስታዊ ወለንተኛ ማሕበር ኮይኑ ዝተፈላለየ ናይ ሕክምና ሓገዛት ዝገብር ማሕበር እዩ። ብፍላይ ንሓደሽቲ ስደተኛታትን፡ ከምኡውን ዝኾነ ናይ ዕቁባ ፍቃድ ወይ ወረቐት ዘይብሎም ስደተኛታትን ነጻ ሕክምናዊ ምኽርን ኣገልግሎትን ይህብ።

እዚ ማሕበር፡ ተጠቃሚ ንተወሰኒ ወይ ካልእ ዝለዓለ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምርካብ እንተዘይኮይኑ ግላዊ ሓበሬታ ናይ ተጠቃሚ ንካልእ ትካል ይኩን ሰብ ኣሕሊፉ ኣይህብን።

ገንዘብ ምስ ዘይህልወካ ወይ ብናይ ግሊ ሓኪምካ ጥርዓንካ ምስ ዝንጸግ እዚ ማሕበር ኣድላዪ ሓገዝ ይገብረልካ።

ምስዚ ዘሎ ህሉው ኩነታት ኮሮና ኣብ ጥዕናኻ ይኹን ኣብ ሂወትካ ጽልዋ ኣምጺኡልካ ወይ ብዛዕባ ኩነታት ሂወትካን ኩነታት ጥዕናካን ተሻቀል ኣሎካ። ወይ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ግሊ ሓኪም፡ መከላከሊ ጥንሲ ወይ ስነ ኣእሙራዊ ሓገዝ ትደልይ ኣሎኻ፡ ከይተሰከፍካ በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ክትሓትት ትኽእል። ማሕበር ሓካይም ዓለም ዘድሊ ሓገዝ ክገብረልካ እዩ።

1- ሓድሽ መጻእተኛ ወይ መንበሪ ወረቐት ዘሎካ/ኪ ዲካ/ኪ፡ ዝተፈላለየ ጥዕናዊ ሕቶ እንተደኣ ሃልዩካ/ኪ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ጌርካ/ኪ ክትድውል/ሊ ወይ ድማ ኢ- መይል ክትጽሕፍ/ፊ ትኽእል/ሊ። ምስዚ ማሕበር ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝተርጎሙ ሰራሕተኛታት ውን ተዳልዮም ኣለዉ፡ ዓረብ፡ፋርሲ ከምኡውን ትግርኛ።

ኣድራሻ፡

ኣምስተርዳም(Amsterdam) **: 06-10214634**

http://www.facebook.com/zorgcafe/

ናይሜኽን(Nijmegen): **06-51257990**

http://www.facebook.com/zorgcafeNijmegen/

Meer informatie over het Zorgcafé

2- ፍቃድ ናይ ዑቕባ ዘይብልካ/ኪ ዲኪ/ካ፡ ናብ ዴስክ ሓገዝ ቁጽሪ ቴሌፎን 0207653801 ብምድዋል ወይ ናብ zorgrecht@doktersvandewereld.org ቁጽሪ ስልክኻን መልእኽትካን ትገድፍ እዚ ማሕበር ድሕሪ ዝተወሰነ መዓልተ ዘድሊ ሓገዝን ምኽርን ንምሃብ ናባካ ይድውል።

ዝተፈላለየ ናይ ስነ ኣእሙራዊ ሓገዝ ደሊካ/ኪ በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ብምምዝጋብ ኣድላዪ ዝኮነ ሓገዝ ክትረክብ/ቢ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

ኣድራሻ፡

psoamsterdam@doktersvandewereld.org

ከምኡውን ናይ ወሊድ(ጥንሲ) መከላከሊ ሓገዝ ወይ ምኽሪ እትደልያ ደቂ ኣንስትዮ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ብምምዝጋብ ኣድላዪ ዘበለ ሓገዝ ክትረኽባ ትኽእላ ኢኽን።

ኣድራሻ፡

srh@doktersvandewereld.org



ተወሳኪ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮሮናን ከምኡውን ሓፈሻዊ ጥዕናን ኣብዞም ትሒቶም ዝውህቡ ጥብቆታት ክትውከስ/ሲ ትኽእል/ሊ።

Corono info - TIGRINYA

De persconferentie van onze Minister-President, Mark Rutte, is in het Arabisch te vinden op:

https://www.tvcn.nl/persconferentie/

Wij volgen in ons werk de richtlijnen van de Rijksoverheid, RIVM en regionale GGD-en.